# ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ፡ ንህሉው ኩነታት ሃገር ዝምልከት ሰፊሕ ሰሚናር ተኻይዱ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ካናዳን ኣቶ ግርማይ ገብረማርያም፡ ኣብ ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኣን ንዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ትማሊ ሰንበት ጥቅምቲ 29, 2006 ምስ ህዝቢ ብወግዒ ንምርኻብን ህሉው ኩነታት ሃገር ንምዝታይን ዝዕላምኡ ሰፊሕ ሰሚናር ኣካይዱ።

ኣብ'ዚ ዝተኻየደ ሰፊሕ ሰሚናር፡ ኣምባሳደር ግርማይ፡ መደባት ቁጠባዊ ልምዓት፣ ተራ ኤርትራ ኣብ ምምጻእ ዞባዊ ሰላም፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሱዳንን ሶማልን ኣመልኪቱ ብሰፊሑ ድሕሪ ምዝርዛር፡ ጉዳይ ዶብ ኣብ ምምልካት ኳ ተዘይበጽሐ ሕጋዊ መዕለቢ ዝረኸበ ጉዳይ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ኤርትራ ጅሆ ምሕንጋድ ወያነን ዝምቡዕ ኣተሓሕዛ መንግስቲ ኣሜሪካን ክትከውን ፍጹም ደኛ ስለዘይኮነት፡ ኣብ መደባት ልምዓት ብምድሃብ፡ ኣብቲ መደብ፡ እምነ ኩርናዕ ናይ'ቲ ፖሊሲ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ብምግባር፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽን ንመደባት ቁጠባዊ ልምዓት ኤርትራ ናብ ደረጃ ንቕሎ ንምብጻሕን ዝሕግዝን፡ ኣብ ትሕቲ መደብ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ኩሉ ዓይነት ትሕተ ቕርጻዊ ምውዳድ ብናህሪ ይስጉም ከምዘሎን፡ ንሓዋሩ ደራኺ ሃገራዊ ዓቕሚ ዝኾነ ዓቕሚ ሰብና ንምምዕባል ብመንጽር ቀዳምነታት ልምዓት ዝተተለመ ዝርጋሐ ዓይነታዊ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ንምርግጋጽ ብኸቢድ ወጻኢታት ሓያለ ኮለጃት ተመስሪተን ስርሐን ከምዝጀመራ ገሊጹ።

ኣብ መደምደምታ መግለጺኡ ኣምባሳደር ግርማይ፡ ህዝቢ ከም ወትሩ ሃገራዊ መደባትና ንምትልባት ልሙድ ኣበርክቶኡ ክቕጽልን፡ ሓድነቱ ንምዕቃብ ብኣንክሮ ክዋሳእን፡ መንእሰያት ደቂ ምስ ሃገርን ባህልን ዘለዎም ምትእስሳር ንምዕዛዝን ብሉጻት ዜጋታት ንምፍራይን ድልዱል ማሕበረ ኮም ከማዕብል ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ኣኼባ በቲ ዝተዋህበ ክፉት ዕድል ሓያለ ሕቶታትን ቀሪቡ ብኣምባሳደር ግርማይ ከኣ ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂብዎ። ተሳተፍቲ ኣኼባ፡ ኤርትራ ዞባዊ ሰላም ንምምጻእ ኣብ ሱዳንን ሶማልን ትኽተሎ ዘላ ብምንኣድ፡ ቁጠባዊ ሓርነት ንምርግጋጽን ልኡላውነት ሃገር ንምኽባርን ዝካየድ ዘሎ ሃገራዊ ዕማማ ንምዕዋት ከም ወትሩ ኣብ ጎድኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ኮይኖም ክምክቱ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ሓንቲ ካብተን ዝቐረባ ስምዒት ህዝቢ ዝተንከፈትን ዘለዓዓለትን ርእይቶ፡ ብሓደ ካብ ተሳተፍቲ ኣኼባ ዝኾኑ፡ ካብ ኤርትራ ዝመጽኡ ኣቦ ዝሃብዎ ቃል ምስክርነት ጽሟቕ ንጠቕስ፡-

**" ኣነ ኣቦ ሰለስተ ስዉኣት ኢየ። ደቀይ ንናጽነት ሃገሮምን ክብረት ህዝቦምን ሓሊፎም። ገና ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ልኡላዊ መሬቱ ከየድፍር ተዓጢቑ፡ ድኽነትን ሕሰምን ንምምሓው ከኣ ሰሚሩ ይሰርሕ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ገለ ውሑዳት ሕማቓት፡ መሳርሒ ጻላእትና ኮይኖም፡ ብስም ደሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ሃገር ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእትዉ ብታሪኽ**

**ተሓተቲ ኢዮም። ብስምና ኣይተሸቅጡ። ስም ስዉኣት ደቅና ከኣ ኣይተራኽሱ። ብስምና ዝመጻደቕ ኣይንደልን። ሓያል መንግስትን ጽኑዕ ህዝብን ቅኑዕ መሪሕነትን ኣሎና። ሕማቕ ግዜስ ካብታ ሕማቕ ትግብረካ ሕማቕ ተልምደካ ከምዝበሃል፡ ዘሎናዮ ጽንኩር ኩነታት ጽባሕ ክሓልፍዩ፡ ኤርትራን ህዝባን ነበርቲ ኢዮም። ታሪኽ ከኣ ባዕሉ ዳግማይ ክዛረብ ኢዩ።"**

ክብሉ ንዘቕረብዎ ተግሳጽን ማዕዳን፡ ህዝቢ ካብ መናብሩ ተንሲኡ ብድሙቕ ጣቕዒት ነቲ ዝሃብዎ ርእይቶ ህዝቢ ዝውክል መግለጺ ዘለዎ ልዑል ኣኽብሮት ገለጸሎም። እዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝብና ብዛዕባ ጉዳዩን ሃገራዊ መኸተኡን ዘለዎ ሓባራዊ ንቕሓትን ተወፋይነትን ዘንጸባርቕን ነቲ ኣብ'ቲ ኣኼባ ክቐርብ ዝወዓለ ርእይቶታት ዝውክል ገላጽን ጠማርን ፍጻሜ ናይ'ቲ ሰሚናር ነበረ።

ኣብ'ዚ ሰንበት ካብ ሰዓት 3-6 ድሕሪ ቀትሪ ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ኣስታት 1200 ዜጋታት ተሳቲፎም ነይሮም።

ዓወት ንሓፋሽ !
ጥቅምቲ 30, 2006